# ብምኽንያት COVID-19 ፡ ን ታክሲ/ኡበር /ሊፍት ብምዝዋር ፡ከመኡ ውን ብካልእ ናይ ግላዊ ስራሓት እንዳሰርሑ ንዝመሓደሩ ውልቀሰባት ዚምልከቶም ሓገዝ




## ብተደጋጋሚ ዝሕተቱ ሕቶታት፡

**ሕቶ** ኣነ ኡበር/ሊፍት/ታክሲ ብምዝዋር : ወይ ብናይ ውልቂ ዝኾነ ስራሕ ዝነባበር ሰብ ኮይነ : ብሰንኪ እዚ ዘሎ ለበዳዊ ሕማም (ኮቪድ19) ክሰርሕ ዘይካልኩ ሰብ ካብ መንግስቲ ክረኽቦ ዝኽእል ሓገዝ ኣሎዶ? ወይ ካብ መንግስቲ ሓገዝ ክሓትት መሰል አለኒ ድዩ?

**መልሲ** : እወ ሓገዝ ክትወሃብ ዝፍከደካ/ኪ ኪትከውን ትኽእል ኢኻ/ኺ ::ብመሰረት እዚ ሓድሽ ናይ ካናዳ ናይ ግዜ ህጹጽ እዋን ናይ ሓገዝ ፕሮግራም (CERB) : ብሰንኪ እዚ ዘሎ ኩነታት Covid19 ስርሖም ብምዝሓሉ ክሰርሑ ንዘይከኣሉ ግን ከኣ ብወግዒ ካብ ስራሕ ዘይተንጸልጸሉ ሰባት ካብ መንግስቲ ካናዳ ሓገዝ ክሓቱ ምሉእ ፍቃድ ተዋሂብዎም ኣሎ :: እዚ ማለት፡ ንቀ□ወምቲ ሰራሕተኛታት፡ ናይ ኮንትራት ሰራሕተኛታት ከምኡ ውን ናይ ውልካዊ ስራሕ ሰራሕተኛታት ከም ናይ ኡበር/ሊፍት/ታክሲ ዝዝውሩ ዘጠቃ□ልል እዩ።

**ሕቶ** ፡እዚ እዚ ሓድሽ ናይ ካናዳ ናይ ግዜ ህጹጽ እዋን ናይ ሓገዝ ፕሮግራም (CERB)፡ን ኩሎም ናይ ውልካዊ ስራሕ ሰራሕተኛታት ከም ናይ ኡበር/ሊፍት/ታክሲ ዝዝውሩ ይምልከቶም ውይ ውን ዚግቦኦም ድዩ?

**መልሲ** : ኖእ፡ንኹሉ ሰብ ዚምልከት አይኮነን፡ ነቲ ካብ CERB ክርከብ ዝኽእል ሓገዝ ንምሕታት ፡ኩሎም አመልከቲ፡ ናይ ዚሓለፈ ፡ዓመት 2019 ዓመተ ምህረት ወይ ከኣ ኣብ ውሽጢ 12 ኣዋርሕ ቅድሚ እዚ ሓገዝ ምሕታት ተቖጺሮም ካብ ዝሰርሕዎ ዓመታዊ ኣታዊ፡ አታዊኦም ብውሑዱ 5000 ዶላር ካናዳ ክኸውን ኣለዎ :: እዚ ዓመታዊ አታዊ፡ ካብ ናይ ግላዊ ስሓት ወይ ውን ካብ ናይ ድሕረ ሕርሲ ን ወለዲ ዝውሃብ ናይ ኣደነትን (maternity) ናይ ኣቦነትን (paternity) ናይ ዕረፍቲ ደሞዝ (ጉንዖ ) ክኸውን ይኽእል።

**ሕቶ**፡ ብኸመይ ናብ ናይ ካናዳ ናይ ህጹጽ እዋን ሓገዝ (CERB) ከመልክት ይኽእል?

**መልሲ፡** ናይ CERB መመልከቲ ቅጥዒ(ፎርም) ካብ 6 ሚያዝያ 2020 ኣትሒዙ ኣብ ኢንተርነት ኦንላይን ክትረክብዎ ክትክእሉ ኢኹም። እቲ ዌብሳይት ናይዚ መመልከቲ ቅጥዒ ንግዚኡ ኣይተሓበረን ዘሎ፥ ኣብ

ዝተዘርጋሓሉ እዋን ኣብዚ ናትና ዌብሳይት https://ethioerisupport.webnode.com/ ክንሕብር ኢና። ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ናይ መንግስቲ ካናዳ ዌብሳይት ምውካስ ይካኣል።

**ሕቶ፥** ካብ CERB ክንደይ ዝኣክል ናይ ገንዘብ ሓገዝ ክረኩብ ይኽእል፥ ማዓስ ከ ክቅ□በሎ ይኽእል?

**መልሲ፥** ካብ ዕለት 15 መጋቢት ጀሚሩ ን ኣርባዕተ ኣዋርሕ ዚአክል CERB 2000 ዶላር ካናዳ ክከፊል እዩ። እዚ ሓገዝ፥ ካብ ዘመልከታክሉ ድሕሪ ዓሰርተ ማዓልቲ ጀሚሩ ይወሃብ። እቲ ዝቀ□ልተፈ መንገዲ ብ ፍይ ባንክ ቀትታዊ ምትሕልላፍ መንገዲ ክትቅበለሉ ትኽእል ዕለት ሚያዝያ 16 ክኸውን ከሎ፥ብ ፖስጣ ትቕበሎ እንት ኮንካ ክኣ ቁሩብ ተወሳኺ መዓልትታት ክድንጉይ ይኽእል እዩ።

**ሕቶ**: ናብ ናይ ስራሕ መድሕን (EI) ኣመልኪተ ኔረ፥ ናብ ናይ ካናዳ ናይ ግዜ ህጹጽ እዋን ናይ ሓገዝ ፕሮግራም (CERB) ከመልክት ኣሎኒ ድዩ?

**መልሲ**: ኣየድልን እይ። እንተ ደኣ ናብ ናይ ስራሕ መድሕን (ETኣመልኪትካ/ኪ ኔርካ/ኪ ህመልከትካዮ/ክዮ ብቀጥታ ናብ ናይ ካናዳ ህጹጽ ሓገዝ ፕሮግራም (CERB) ሓሊፉ 16 ሰሙናት ዚከውን ሓገዝ ኪትረክብ/ክቢ ትኽእል.

**ሕቶ**: ናብ ናይ ስራሕ መድሕን (EI) ንከመልክት ብኹ እየ፥ ክሳብ ሕጂ ግና ኣየመልከትኩን፥ ናብ ናይ ስራሕ መድሕን (EI) ከመልኪት ዶ ዋላስ ናይ ካናዳ ናይ ህጹጽ እዋን ሓግዝ (CERB)ክጽበ?

**መልሲ**: ክሳብ ሕጂ አይተነጸረን ዘሎ፥ ብንጹር ኪሳብ ዚንገር ኛ ናብ ናይ ስራሕ መድሕን ሚምልካት ተመራጺ እዩ። ከም ካልእ ኣማራጺ ከአ ክሳብ ሚያዚአ 6 ተጸቢኻ (CERB) ምምልካት ይከአል እዩ። ክሳብ ሚያዚያ 6 ተጸቢኻ ኣብ ተመልክተሉ እዋን ግን ብምኽያት ብዝሒ አመልከቲ ብዙሕ ናይ ተክኒካዊ ጸገማት ከጋጥም ከም ዚኽእል ግን ኣብ ግምት መእታው አገዳሲ እዩ፥

**ሕቶ**: ድሕሪ ናይ (CERB) ሓገዝ ምውዳኡ ሕማም ወይ ውን ሰእነት ሲራህ እንተከጺሉ ከ እንታይ ክገብር?

**መልሲ**: እኹል ሰአታት ውሕስነት ብናይ ስራሕ መድሕን ዝተሸፈነ እንተደአ አለካ እቲ ብ(CERB) ን16 ሰሙናት ዝወሃብ ድሕሪ ምውድኡ፥ ብ ናይ ስራሕ መድሕን(EI) ዝወሃብ ሓገዝ ይቅ□ጽል።